ውሽጣዊ ናይ ሰራውር ኣስናን ሕክምና ምስ ገበርኩም….

1. ብሰንኪ ምትንኻፍ ሰራውር ወይ ምጽራይ ተጓዳእቲ ታህዋስያን፡ ዝተወሰነ ቃንዛ ክስምዓኩም ናይ ግድን እዩ።

2. ቃንዛ ምስ ዝገብረልኩም፡ ነቲ ቃንዛ መህድኢ ፓራሴታሞል ክትጥቀሙ ትኽእሉ።

3. ኣብ’ዞም ዝስዕቡ ኩነታት ግን ምስ ሓኪም ስኒ ተራኸቡ፥

- ድሕሪ 48 ሰዓታት ናይ’ቲ ዝተኻየደልኩም ሕምክና፡ ኣብ ግዜ ምምጋብ ወይ ድማ ምሕያኽ፡ ከቢድ ቃንዛ ምስ ዝህልወኩም።
- ከቢድ ሕበጥ ምስ ዝጋጥመኩም (ምናልባት ጸረ ረኽሲ መድሃኒት ከድሌኩም ስለዝኽእል)።

ስንኩም ወይ ኩርምትኹም ብመጥባሕታዊ ሕክምና ምስ ሰደድኩም….

1. ቃንዛ ምስ ዝገብረልኩም፡ ነቲ ቃንዛ መህድኢ ፓራሴታሞል ክትጥቀሙ ትኽእሉ።

2. ***ኣሰፕሪን*** ክትጥቀሙ የብልኩምን። ምኽንያቱ፡ እዚ ከኒና፡ ደም ናይ ምቕጣን ባህርያት ስለዘለዎ፡ ዝያዳ ከምትደምዩ ክገብር ይኽእል።

3. ክትበልዑን ክትሰትዩን ትኽእሉ እኳ እንተኾንኩም፡ ኣዝዩ ውዕይ ነገር ካብ ምብላዕ ወይ ምስታይ ተጠንቀቑ። ርግኢ ካብ ምብላዕ ግን **ተቓጠቡ**።

4. ኣፍኩም **ኣይትነጭጉጩ**። መልሓስኩም ጌርኩም ድማ ነቲ ቁስሊ ኣይትተንክፉ።

5. ኣብ’ተን ፈለማ 2 ወይ 3 መዓልታት፡ ምግቢ፡ በታ ቁስሊ ዘይብላ ሸነኽ እንተሓየኽኩም ይምረጽ።

6. **ሽጋራ ዘትክኽ** ሰብ፡ ኣብ’ታ መዓልቲ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ውሑድ ግዜ ከትክኽ ኣለዎ።

7. **ድሕሪ እቲ ዘካይድኩሞ ሕክምና፡ ቀጻሊ ደም ይፈስስ እንተሎ፡ ንሓኪም ስኒ ተወከሱ።**
ኣብ ኣፍኩም ናይ ደም መቐረት ክስምዓኩም ግን ንቡር ስለዝኾነ፡ ምስ ምፍሳስ ደም ከይተታኣሳስርዎ።